ትካል ሱር ኮንስትራክሽን ሓላፍነት ዝተወሰነ ናይ ዉልቀ ማሕበር ንፕሮጀክት ስራሕቲ መንገዲ ከተማ መቐለ ኣግልግሎት ዝዉዕሉ ክልተ ሃፍ ክሪን (Half Crain) ብጨረታ አወዳዲሩ ክካረይ ይደሊ። በዚ መሰረት ናይ ምልዓል ዓቅሚ ሰለስተ ቶን : ስፖንዳ ንዉሓት 6 ሜትሮ : ናይ ስፖንዳ ስፍሓት 2.5 ሜትሮ : ናይ ምፅዓን ዓቅሚ 6000 ኪግ ሰብ ዋናን መካረይቲ ዝኾንኹም መቅረብቲ ትካላት ኣብዚ ጨረታ ዘይምለስ 100 ቅርሺ ብምክፋል ሰነድ ጨረታ ዓዲግኩም ክትሳተፉ ይዕድም። ተ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥቅምቲ 23, 2011 (ልዕሊ 8 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሕዳር 11, 2011 8:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:50000.00
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሕዳር 11, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ኮንስትራክሽን ማሽነሪን ኣቁሑትን/

ተጫረቲ ከማልእዎም ዝግባእ ረቋሒታት

1 ተጫረቲ 50000.00 ቅርሺ ብስፒኦ ወይ ብጥረ ገንዝብ ምስቲ ሰነድ ቅድሚ እቲ ጨረታ ምክፋቱ ከትሕዝ አለዎም

2 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ክራይ ንሐደ ሰዓት ኮይኑ ተወሳኪ እሴት ታክስ ክከዉን ይግባእ

3 ተጫረቲ በቲ ዘፈር ናይ 2011 ዓ/ም ሕጋዊ ንግዲ ፍቃድ ዘለዎም ተወሳኪ እሴት ታክስ ዝገልፅ መረዳእታ ከቅርብ ዝክእል

4 ተጫረቲ ዋናን ቅዳሕን ፍቃድ መዘወሪ ማለት እዉን ሌብሬ ከቅረቡ አለዎም

5 ተጫረቲ ዝመልእዎ ዋጋ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ መሊኦም ብዝተዓሸገ ፖስታ ኣብቲ ቤት ዕዩ ቢሮ ቁፅሪ 4 ኣብ ዝተዳለወ ሰንዱቅ ጨረታ ክእትዉ ይክእሉ

6 ዝሰዓረ መቅረባይ ዘቅርቦ ሃፍ ክሬን ነቲ ቅድም ኢሊ ዝተጠቀሰ እስፔስፊኬሽን ማለት እዉን ዝርዝር ረቆሒ መሰረት ምካኑ

7 ብናይ እቲ ትካል በዓል ሞያ ዝርዝር ኢንስፔክሽን ተካይዱ ምስ ተረጋገፀ ኣብ ዉሽጢ ክልተ መዓልቲ ዉዕሊ ኣሲሩ ናብ ስራሕ ክዋፈር ዝክእል

8 ምስናይ ትካልና ስራሕቲ ተኣሳሲሩ ንዝህለዎም ናይ ነዳዲ ወፃኢ ብትካልና ይሸፈን።

9 እቲ ጨረታ ካብ 22/02/2011 ዓ/ም ክሳብ 11/03/2011 ዓ/ም ኣብ ኣየር ይፀንሕ።

10 እቲ ጨረታ 11/03/2011ዓ/ም ሰዓት 8:00 ድ.ቀትሪ ተዓፅዩ ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዝተረከብሉ ኣብ ተመሳሳሊ ዕለት 8:30 ይክፈት።

9 እቲ ትካል ዝሐሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ወይ ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle